# መበል 25 ዓመት ፌቲቫል ካስልን
# ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን
# ኣብ ወርሒ ሓምለ 2010 ዓ.ም!!

ብገዛኢ ኪዳነ

መንቀሊኡ ካስል ዛዛሚት ወርሒ ሓምለ
ኣየ ዝነበረ ኣብ ካስል ተሓምበለ
ስምዕዎ እቲ ዜማኡ ይጓዝም እነሆለ
እንታይ'ዩ ፍልይ ፍልይ ጸላኢና ይፈለ።

ኣቦታት ደብሉ ዕልል በላ ኣንስቲ
ናይ'ቶም ሊቃውንቲ ክንሓፍስ ምህርቲ
ንውሉድ ወሎደና ኪኸውን ትምህርቲ
ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንማኸር ንዘቲ።

እናበላ ደቂ ኣንስትዮና ተኸዲነን ዓለባ
ከም ኣደታተን ወዲየን መስተር ወለባ
ንተሳተፍቲ ኣጋይሽ እናበላ መርሓባ
ሓርበኛታት ብጾት ኣስቲየናና ጸባ።

ሕምባሻ ተሓምብሹ ሜስ ተጸሚቑ
ሽሻየ ማይ ቀሪቡ ሓርበኛ ተዓጢቑ
መድረኽ ተሰሊሙ ጽሑፍ ተወሪቑ
ዓበይቲ ወለዲ በሉ እስከ መርቑ።

ሕብስቲ ተቐሪቡ ሽምዓ ተወሊዑ
ወየን ሓርበኛታት መሲለን መርዑ
ሽሻየ ማይ ኣብቲ ኣዳራሽ ተሰሪዑ
ሕብስቲ ማና ተዓዲሉ ተበሊዑ።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ሃገራዊ ዋዕላ
ካስል መበል 25 ዓመት ተጸንቢላ
ስኒት ስኒት ዝብል ደሚቑ'ቲ ጓይላ
ሓርበኛዊት ዋዕሮ ሰሚዕናዮ ቃላ።

ኣየ እወ ክጥዕም እቲ ድምጻ እቲ ቃላ
ሰቡኡት ጨብጨባ ኣንስቲ ዓለላ
ባንደራ ተሰሊመን ደሚቑ'ቲ ጓይላ
ሓርበኛዊት ዋዕሮ ተመልከቱ ስእላ።

ፌስቲቫል ካስል ብሓርበኛታት ወቒባ
መበል 25 ኢዮበልዩ ትደልዮ ረኺባ
ከምቲ ልምድን ወግዕን እንዳባ
ሕብስቲ ተቐሪባ ምስ ሞሶባ።

ኣየ ወግዒ ኣየ እወ ጥዑም ላዛ
ሓርበኛታት ሽምዓአን ምስ ሓዛ
ኣዳራሽ መሳህለ ኣብቲ ገፊሕ ገዛ
ስዉኣት ተዘኪሮም ዝሓለፉ ቤዛ።

ምእንቲ ህዝቦም ዝሃቡ ግንባሮም
መዝሙር ተዘሚሩ ንስለቲ ክብሮም
ቃልና ኣሐዲሽና ክንትግብሮ ሕድሮም
መብጽዓ ኣቲና ክንስከሞ ጾሮም።

ዕዱማት ኣጋይሽና ቃሎም ተሰሚዑ
ሕውነታዊ ቃላት ዘላኣለም ዘይርስዑ
ሕውነትን ሰላምን ቀዳምነት ዝሰርዑ
ሕውነት ዘደልድል ንህዝቢ ዘኹርዑ።

ፈስቲቫል ካስል በዚ ተጀሚሩ
ዕልልታን ጠቓዒትን ደሚቑ ዓሚሩ
እንተ ኩዳን ሳዕሳዕትን ከም ማእገሩ
ከምዚ'ዩ ኢዮበልዩ ፈ. ካስል ተዘኪሩ።

ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ!!
ብገዛኢ ኪዳነ